# መሰላትኩም፡ ህይወትኩም

## ናይ መምርሒ ምንጪ ኣብ ናይ ክንክን ናብዮት ንዘለዉ መንእሰያት



Washington State Department of
CHILDREN, YOUTH & FAMILIES

# ትሕዝቶታት

መእተዊ . . . . . . 1
ድሕነትን ጥዕናን . . . . . . 2
ናይ ቤት-ፍርዲ ሕጋዊ መስርሕ . . . . . . 4
ማህደረቓላት ናይ ሕጊ ቓላት . . . . . . 5
ምደባን ምብጻሕን . . . . . . 6
ትምህርቲ . . . . . . 8
ክንክን ጥዕና . . . . . . 10
ናይ ሰራሕተኛ ጉዳይ ሓላፍነታት . . . . . . 12
ተወሰኽቲ ምንጪታት . . . . . . 14

**ካብ ርእስኻ ምውራድ፥** እዚ ማንዋል'ዚ ከም ግብራዊ መምርሒ ኣብ ክንክን ናብዮት ንዘለዉ መንእሰያት ክኸውን ዝዓለመ እዩ። ዋላ'ኳ ንናይ ናብዮት መንእሰያት ዘንጸባርቑ ሕግታትን ፖሊሲታትን ዝጠቅስ እንተኾነ፡ ናይ ሕጊ ምኽሪ ኣየቕርብን እዩ ከም ድማ እቲ ኣብቲ ማንዋል ዘሎ ሓበሬታ ከም ናይ ሕጊ ምኽሪ ክትጥቀመሉ ወይ ክትምርኮሶ ኣይግባእን። ሕግታትን ፖሊሲታትን ከመይ ገይሮም ኣብ ሓደ ውሱን ኩነታት ግብራዊ ከምዝኾኑ ክፈልጥ ዝደሊ መንእሰይ ንናቱ ወይ ናታ ጠበቓ፡ ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ Guardian Ad Litem (GAL, ብቤት-ፍርዲ ናይ ቆልዓ ዕድል ንምውሳን ዝምዘዝ)፡ እቲ Office of the Family and Children's Ombuds (ቤት-ጽሕፈት ናይ ስድራ-ቤትን ቆልዑን ተሓላቒ ፍትሒ) ክረክብ ኣለዎ።

**መሰላትኩም፡** ህይወትኩም ዕድሚኦም 12 ወይ ልዕሊኡ ንዝኾኑ ኣብ ክንክን ናብዮት ንዘለዉ፡ኣብናይመሳለጥያታትናይጉጅለክንክንንዘለዉዘጠቓለለ፡ናይመንእሰያትምንጪ እዩ። እቲ ኣብዚ ማኑዋል'ዚ ዘሎ ሓበሬታ ዕድሚኦም 12 ወይ ልዕሊኡ ንዝኾኑ መንእሰያት ብፍላይ ዝተጻሕፈ እዩ። ውሱናት ሕግታትን ፖሊሲታትን ዝተፈልዩ ናይ ዕድመ ኣተገባብራ ክህልዎም ይኽእል፤ ከም ኣድላይነቱ ከኣ ኣብ ውሽጢ እቲ ማኑዋል ተነጺሮም ኣለዉ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ከምዚ ዝስዕብ ንምግባር ዝተነድፈ እዩ፡

- ብዛዕባ መሰላትኩም ንኽሕብረኩም፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ሕጊ ከምዝሰፈሩን ከምዝሕለዉን።
- ኣብ ክንክን ናብዮት ኣብ ዘለኹምሉ እዋን ኣብ ናይ ተመርኲስነት ጉዳይኩምን ኣብ ትቕበልዎ ክንክንን ብንጥፈት ክትሳተፉ የተባብዓኩም።
- ኣብቲ ክንክን ናብዮት ኣብ ዘለኹምሉ እዋን ብዛዕባ ዝለውኹም ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት ኣስተምሮ ምሃብ፡ ከምኡ'ውን ካብ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም እንታይ ክትጽበዩ ከምትኽእሉ።

# ኣብ ክንክን ናብዮት ዘሎ መን'ዩ፡

ሓደ መንእሰይ ኣብ ክንክን ናብዮት ኣሎ እንተድኣ ንሱ ወይ ንሳ ኣብ ትሕቲ መጕዚትነት ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን Department of Children, Youth, and Families (DCYF, ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) ኣሎ ኾይኑን ካብ ናቱ ወይ ናታ ወለዲ ወይ መጕዚት ርሒቑ ኣብኡ ተመዲቡ እንተልዩን። እዚ ምደባ ኣብ ሓደ ናይ ናብዮት ስድራ-ቤት ገዛ፡ ናይ ዘመድ ገዛ፡ ናይ ዝሰማማዕ ዓቢ ሰብ ገዛ ወይ ናይ ጉጅለ ገዛ የጠቓልል።

ሓድሓደ ግዜ ሓደ መንእሰይ ካብ ናቱ ወይ ናታ ወለዲ ወይ መጕዚት ርሒቑ ክምደብ ይኽእል ብጠለብ ካብ DCYF ወጻኢ ብዝኾነ ሰብ – ንኣብነት፡ ናይ ሓደ መንእሰይ ወላዲ ንእኡ ወይ ንኣኣ ምስ ኣባላት ስድራ-ቤት ከቐምጦ ክመርጽ ይኽእል። ኣብ ከምዚ ዓይነት ናይ መነብባሮ መደብ ዝነብሩ ዘለዉ መንእሰያት ብሓፈሻ ኣብ ዘይወግዓዊ ናይ መቕርብ ክንክን ከምዘለዉ ይቑጸሩ፡ ኣብ ክንክን ናብዮት ዘይኮነ። እንተድኣ ኣብ ክንክን ናብዮት ምህላውኩም ርግጸና ዘይኮይንኩም፡ ንConstituent Relations (ዝምድናታት ኣቑሚ) ብቑጽሪ ተሌፎን 1-800-723-4831 ርኸብዎ።



# ድሕነትን ጥዕናን

## ንሳቶም መሰላትኩም እዮም። ሓበሬታ ይሃልኹም።

**ከም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት መጠን፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥**

- ካብ ግፍዕን ሸለልትነትን ክትሕለዉ።
- መሰረታዊ ድሌታትኩም ክማልእልኩም (መግቢ፡ ክዳን፡ መጽለሊ ከምኡ ድማ ትምህርቲ)።
- ካብ ጨካን፡ ዘፍርሕን ዘይውሕሱን ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ናጻ ምኻን።
- ሃይማኖትኩም ክትፍጽሙ ወይ ዘይብልኩም ክትኮኑ።
- ግፍዒ፡ ሸለልትነት፡ ምዝመዛ ወይ ምግሃስ ውልቃዊ መሰላትኩም መቕጻዕቲ፡ ጣልቃ ምእታው ወይ ምስግዳድ ከይፈራሕኩም ምሕባር።
- ኣብ ስሩዕ ናይ ቁልዕነት ንጥፈታት ምስታፍ (ምስ ኣዕሩኽ ምሕዳር፡ ናይ ድሕረ ቤት-ትምህርቲ ንጥፈታት ከምኡ ድማ ስፖርት)።
- ብፍትሓውን ብማዕርነትን ክትትሓዙ፡ ናትኩም ጾታ፡ ጾታዊ መንነት፡ ዘርኢ፡ ሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ድሕረባይታን ሃገራዊ መበቆል፡ ስንክልና፡ ሕክምናዊ ጸገማት ወይ ወሲባዊ ዝንባለ ብዘየገድስ ከምኡ ድማ በቲ ትመርጽዎ መጸውዒ ጾታ ናይ ምጽዋዕ መሰል ክህልውኩም።

## ኣብ ክንክን ናብዮት ንዘለዉ መንእሰያት ዝጸልዉ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ፖሊሲታት

**ኣብ ትሕቲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ናይ ፍቓድ ስርሕ ጠለባት፡ ኣቕረብቲ ክንክን ናብዮት ከምዚ ዝስዕብ ክገብሩ ይሕተቱ፥**

- ሓብሓብን ደጋፍን ሃዋሁው ምድላው።
- ዝግብኡ ቀረባትን ስልጠናን ኣብ ውልቃዊ ክንክን፡ ጽሬትን ምንክብኻብን ምቕራብ።
- ምስ ዕድሜኹምን ናይ ንጥፈት ደረጃኹምን ዝኸዱ መጠናትን ጥዕና ዝሕልዉ መግብታትን ምቕራብ።
- ምስ ደረጃ ብስለትኩም፡ ምዕባለኣዊ ደረጃኹምን ሕክምናዊ ኩነታትኩምን ብዝሰማማዕ መገዲ ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ክውሰደልኩም።

መዘኻኸሪ፡ ወረቐት ስራሕ ዘለዎም ኣቕረብቲ ክንክን ናብዮት እዚ ዝስዕብ ካብ ምጥቃም ዝተኸልከሉ እዮም፥

- ንምጥቃም ከቢድ መቕጻዕቲ (ኣብ መቐመጫ ምቕጥቃጥ)፡ ምኽላእ ድቃስ (ድቃስ ምኽልካል) ወይ ኣብ ክፍሊ ወይ ህንጻ ምቕያድ ከምኡ ድማ/ወይ ምዕጻው ዘጠቓልሉ ኣተዓባብያ ወይ ዲሲፕሊናዊ ስጉምታት

**ወረቐት ስራሕ ዘለዎም ኣቕረብቲ ክንክን ናብዮት ነቲ Prudent Parent Standard (መለክዒ መስተውዓሊ ወላዲ) ከማልእዎ ኣለዎም።**

- ኣለይቲ፡ ብዘይ ተሳትፎ ሰራሕተኛ ጉዳይ ወይ ቤት-ፍርዲ፡ ንቡር ናይ ቁልዕነት ንጥፈታት ኣብ ሓደ ርትዓውን መስተውዓልን ወላዲ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ብምምርኳስ ከፍቅዱ ይኽእሉ።
- ኣለይቲ ክሳብ ናይ 72 ሰዓታት ኣብ ካልእ ምሕዳር ከፍቅዱ ይኽእሉ።

## ህይወትኩም እዩ። ተሳተፍቲ ኩኑ።

**ኣብ ክንክን ናብዮት ከም ዘለኹም መንእሰያት መጠን፡ ብዙሓት ንኣኹም ዝኾኑ ኣገልግሎታት ኣለዉ። ከመይ ገይርኩም እዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ምስ ሰራሕተኛ ጉድያኩም ተዘራረቡ፥**



- ናይ Independent Living (ርእስኻ ክኢልካ ምንባር) ኣገልግሎታት መምልከቲ ኣእትዉን ርኸቡን፡ ኣብ ክንክን ናብዮት እንተሊኹም ኣብ 30 መዓልታት ቅድሚ ዕድሜኹም 15 ዓመት ምምልኡ።
- ካብ ክንክን ናብዮት ምስ ወጻኹም እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ናይ ምስግጋር ውጥን ኣዳልዉ።
- ኣገልግሎት ክንክን ናብዮትን ደገፍን ምርካብ ክንዮ 18 ዓመት ዕድሜኹም ቀጽሉ፡ እንተድኣ ኣብ መበል 18 ዓመት ዕድሜኹም ጵግዕተኛታት ኮይንኩምን ከምኡ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኮይንኩምን፥
  - ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ወይ ምስ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ዝዳረግ ፕሮግራም ተመዝጊብኩም እንተሊኹም፣
  - ኣብ ናይ ድሕረ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣካዳምያዊ ወይ ናይ ድሕረ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሞያዊ ናይ መረጋገጺ ወረቐት ፕሮግራም ተመዚግብኩም ኣለኹም፡ ኣመልኪትኩም ኣለኹም፡ ወይ ክትምዝገቡ መደብ ከምዘለኩም ክተርእዩ እንተኽኢልኩም፣
  - ስራሕ ንምቑጻር ኣብ ዘተባብዑ ወይ ናይ ስራሕ ዕንቅፋት ንምእላይ ኣብ ዝጠቅም ፕሮግራም ምስታፍ፣
  - ኣብ ወርሒ 80 ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ምስራሕ፣ ወይ
  - ብሰንኪ ሰነድ ዘለዎ ሕክምናዊ ጸገም ኣብ ዝኾኑ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ንጥፈታት ክትሳተፍ ዘይምኽኣል።
- ኣበይ ትነብሩ ብምምርጺኹ ናይ መንበሪ ገዛ ቫውቸር/ቅብሊት ንምርካብ ምምልካት፡ እንተድኣ ኣብ መበል 18 ዓመት ዕለተ ልደትኩም ወይ ብድሕሪኡ ካብ ክንክን ናብዮት ትወጹ ኣለኹም። ናይ መንበሪ ገዛ ቫውቸራት ከፊላዊ ክፍሊታት ክራይ ገዛ ናይ ድሕሪ ካብ ክንክን ናብዮት ምውጻእኩም እዮም። ኣብ ውሱን ከባቢታት ናይቲ ክፍለሃገር ቫውቸራት የለዉን።

**ምስ ሰራሕተኛ ጉዳያኩም ብዛዕባ እዚ ዝስዕብን ክትዘራረቡ ትኽእሉ፥**

- ስራሕ ንምርካብ ክትወስድዎም ትኽእሉ ስጉምትታት።
- ናይ ክፍለሃገር ናይ መለለዪ መንነት ካርድኹም፡ ናይ ምዝዋር ማኪና ትምህርትን ፍቓድ መዘወሪ ማኪናን ንምርካብ ክትወስድዎም ትኽእሉ ስጉምትታት።

# ናይ ቤት-ፍርዲ ሕጋዊ መስርሕ

## ንሳቶም መሰላትኩም እዮም። ሓበሬታ ይሃልኹም።

**ከም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት መጠን፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥**

- ሓደ Court Appointed Special Advocate (CASA, ብቤት-ፍርዲ ዝምዘዝ ፍሉይ ጥበቓ) ወይ Guardian Ad Litem (GAL, ብቤት፡ፍርዲ ናይ ቆልዓ ዕድል ንምውሳን ዝምዘዝ) ኣብ ናይ ተመርኲስነት/ጽግዕተኛነት ጉዳይኩም ነቲ ብዝበለጸ ዘርብሓኩም ንምውካል ዝምዘዝ።
- ኣብቲ ብቤት-ፍርዲ ዝእዘዝ ውጥን ድምጽኹም ንምስማዕ ኣብ ዝኾነ ግዜ ዝውክለኩም ጠበቓ ምሕታት።
- ናይ ጉዳይኩም ፋይል ምርኣይን ምግምጋምን።
- ናይ ጉዳይኩም ፋይል ኣብ ቤት-ፍርዲ ነፍስ-ወከፍ ሽድሽተ ኣዋርሕ ከምዝግምገም ምግባር።
- ኣብ ዕድመ 14ን ልዕሊኡን፡ ብዛዕባ ቀዋሚ ውጥንኩም ምኽሪ ምርካብ።
- ብዛዕባ ናይ ተመርኲስነት መጋባእያታትኩም ተሓበሩን ኣብኡ ምስታፍን።
- ናይ ወለድኹም መሰላት ድሕሪ ምቁራጾም ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ ንጉዳይኩም ዝውክል ጠበቓ ከምዘዘልኩም ምግባር።
- ኣብቲ ፕሮግራም Extended Foster Care (EFC, ዝተናዉሐ ክንክን ናብዮት) ንምስታፍ እንተወሲንኩምን ንእኡ ከኣ ቅቡላት እንተኾይንኩምን ጠበቓ ክምዘዘልኩም።

## ህይወትኩም እዩ። ተሳተፍቲ ኩኑ።

**ኣብ ናይ ተመርኲስነት መጋባእያኹም፡ እዚ ዝስዕብ ኣማራጺ ኣለኩም፥**

- ኣብ ናይ ቤት-ፍርዲ መጋባእያታት ምስታፍ።
- ንናይ ናብዮት ወላዲ ወይ ካልእ ትፈልጥዎ ሰብ ዝውክለኩም ጠበቓ ክምዘዘልኩም ምእንቲ ንኽጠልብ ምሕታት፣
- ናብ ርሑቕ ዘመድ ወይ ንኣኹም ኣገዳሲ ዝኾነ ሰብ ክትበጽሑ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ምሕታት።
- ናብ ገዛ ክትምለሱ ትኽእሉ ኣንተኾይንኩም ነቲ ቤት-ፍርዲ ምሕታት። ዋላ'ውን ናይ ወለድኹም ናይ ወላዲ መሰላት ኣቋሪጾም ይሃልዉ፡ ናብ ወለድኹም ንኽመልሰኩም ወይ ንኽትበጽሕዎም ከፍቅደልኩም ነቲ ቤት-ፍርዲ ክትሓትዎ ትኽእሉ። እቲ ቤት-ፍርዲ ንከምዚ ዝኣመሰሉ ጠለባት ዝህብ ኣብ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት እዩ፣ ጠበቓ ነዚ ኣማራጺ እዚ ንኣኹም ክገልጸልኩም ይኽእል።

እንተድኣ ኣቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ገዛ ክትነብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም ኢሉ ወይ እንተድኣ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ክንክን ናብዮት መዲብኩም፡ ዝድግፍኹም ሰባት ኣለዉ! ብዛዕባ ምርካብ ጠበቓ ከምኡ ድማ/ወይ CASA/GAL እንተድኣ ገና ዘይተመዘዘልኩም ኣሎ ምስ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ተዘራረቡ።

# ማህደረቓላት ናይ ሕጊ ቓላት

## ጠበቓ፥

ጠበቓ ኣብ ጉዳይኩም ክትረኽብዎ ንትደልዩ ነገር ዝውክለኩም ሰብ እዩ፡ ሕጋዊ መሰላትኩም ክሕለወልኩም ከኣ ኣብ ቤት-ፍርዲ ይጣበቐልኩም። ጠበቓታት ነቲ ትብልዎ ነገር ምሉእ ንምሉእ ብምስጢር ክሕዝዎ ኣለዎም። ብኡ ንብኡ ኣይኮንኩምን ናይ ገዛእ ርእስኹም ጠበቓ ትረኽቡ ዋላ'ውን ጠሊብኩም እንተለኹም። ብቐጥታ ጠበቓ ትረኽብሉ እንኮ እዋን እንተድኣ ናይ ወለድኹም መሰላት ኣቋሪጾም ኣለዉን ከምኡ ድማ ካብ ምቊራጽ መሰላቶም ሽድሽተ ኣዋርሕ ሓሊፉ እንተልዩ፡ እንተድኣ ነቲ ቤት-ፍርዲ ናይ ወለድኹም መሰላት ዳግም ግብራውያን ከምዝኾኑ ክገብር ትሓትዎ ኣለኹም ኮይንኩም ወይ እንተድኣ ኣብ Extended Foster Care (ዝተናውሐ ክንክን ናብዮት) ኣለኹም ኮይንኩም ጥራይ እዩ። እንተድኣ CASA/GAL ዘይብልኩም ኮይኑ'ውን ጠበቓ ክትረኽቡ ኣለኩም። ንዝያዳ ሓበሬታ ንናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ ናትኩም CASA/GAL ወይ ዝኾነ ኣብቲ ጉዳይ ዝሳተፍ ዘሎ ጠበቓ ርኸብዎ።

## Court Appointed Special Advocate (CASA, ብቤት-ፍርዲ ዝምዘዝ ፍሉይ ጠበቓ) ከምኡ ድማ Guardian Ad Litem (GAL, ብቤት-ፍርዲ ናይ ቆልዓ ዕድል ንምውሳን ዝምዘዝ)፥

ሓደ CASA/GAL ንኣኹም የርብሕ'ዩ ዝበሎ ነገር ዝውክል በቲ ቤት-ፍርዲ ዝምዘዝ ጠበቓ እዩ፡ እቶም ረብሓታት ካብ ናይ ወለድኹም፡ ናይቲ ክፍለሃገር ረብሓታት ወይ ኣብ ጉዳይኩም ከጋጥም ትደልይዎ ክፍለዩ ይኽእሉ።

## ናይ ጽግዕተኛ ወይ ናይ ተመርኲስነት/ጽግዕተኛነት መጋባእያታት፥

ሓደ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ከም ጽግዕተኛ ቆልዓ ዝእዘዝ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት-ፍርዲ ዳኛ ነቲ ቆልዓ ካብ ግፍዒ፡ ሸለልትነት፡ ምርሕራሕ ወይ መጕዳእቲ ብናይቲ ቆልዓ ድሌታት ከማልእ ዘይክእል ወላዲ ክስዕብ ዝኽእል ንምክልኻል ጣልቃ ምእታው ኣድላዪ እዩ ኢሉ ክውስን ከሎ እዩ። ተመርኲስነት/ጽግዕተኛነት ሓንሳብ ምስ ተኣዘዘ፡ እቲ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤት-ፍርዲ ስሩዕ መጋባእያታት ንምውሳን ናይ እንታይ ስጉምትታት እቶም ወለዲ ክወስዱ ከምዘለዎም ከካይድ እዩ እንተድኣ እቲ ቆልዓ ናብ ገዛ ክምለስ ደልዮሞ፡ እቲ ቆልዓ ኣበይ ክነብር ከምዘለዎ እንተድኣ ንሱ ወይ ንሳ ኣብ ገዛ ክነብር ዘይክእል ኮይኑ ከም ድማ እቲ ቆልዓ ብጽቡቕ ይእለ ምህላዉ ንምርግጋጽ እንታይ ክግበር ከምዝኽእል ንምውሳን—ማለት ክትትል ይግበረሉ ምህላዉ፡ ትምህርቲ ይረክብ ምህላዉን ድሌታቱ ይማላእ ምህላዉን ንምርግጋጽ።



# ምደባን ምብጻሕን

## ንሳቶም መሰላትኩም እዮም። ሓበሬታ ይሃልኹም።

**ከም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት መጠን፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥**



- ኣብ ውሕስነት ዘለዎ፡ ድሌታትኩም ከማልእ ዝኽእልን ግቡእ ምስጢርነት ኣብ ውልቃዊ ድሌታኩም ክህበኩም ዝኽእል መንበሪ ክትምደቡ።
- ኣብ ዝክኣለሉ ምስ ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ኣብ ገዛ ክትምደቡ።
- ኣብ ዝክኣለሉን ግቡእ ዝኾነሉን ኣጋጣሚ ምስ ፍቓደኛ ዝኾነን ዓቕሚ ዘለዎን ዘመድ ወይ ዝሰማማዕ ትፈልጥዎ ምስኡ ከኣ ምቾት ዝስምዓኩም ዓቢ ሰብ ክትምደቡ።
- ስሩዕን ተደጋጋምን ርክብ ወይ ምብጻሓት ናብ ወለድኹም፡ እንተድኣ ከምኡ ንኸይከውን በቲ ቤት-ፍርዲ ዘይተኣዚዙ። ስሩዕ ርክብ ወይ ምብጻሓት ናብ ኣሕዋትን ኣሓትን ተፈሊኹም ኣብ ትህልውሉ ኣጋጣሚ፡ እንተድኣ እቲ ቤት-ፍርዲ ርክብን ምብጻሓትን ግቡኣት ኣይኮኑን ኢሉ ዘይኣዚዙ።
- ውልቃዊ ጻውዒታት ተሌፎንን ደብዳበታትን ምስዳድን ምቕባልን፡ እንተድኣ ከምኡ ንኸይከውን በቲ ቤት-ፍርዲ ዘይተወሲኑ።
- ምስ ቆልዓኹም ምንባር እንተድኣ ቆልዓ ተዕብዩ ኣለኹምን ናይ ቆልዓኹም ናይ ናባይነት መሰል ኣለኩምን።

**ኣቕረብቲ ክንክን ናብዮት ንብረትኩምን ውልቃዊ ሓበሬታኹምን ክሕልዉ ይሕተቱ እዮም።**

- ክዳውንትኹምን ንብረትኩምን ተቐምጥሉ ቦታ ምቕራብ።
- መዛግብትኹምን ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብምስጢራዊ ኣገባብን ኣብ ውሑስ ቦታን ምዕቃብ። ብዛዕባኹምን ብዛዕባ ስድራ-ቤትኩምን ዝኾኑ ሓበሬታ ኣብ ናይ ጉዳይኩም ውጥን ብቐጥታ ምስ ዝሳተፉ ሰባት ጥራይ ምዝርራብ።

## ህይወትኩም እዩ። ተሳተፍቲ ኩኑ።

**ምስቶም ኣብ ህይወትኩም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰባት ምትእስሳር ይሃልኹም።**

- እንተድኣ ስሩዕ ርክብ ወይ ምብጻሓት ናይ ወለድኹም ከምኡ ድማ/ኣሕዋትኩም ዘይትረኽቡ ኣለኹም ኮይንኩም፡ ንናትኩም ሰራሕተና ጉዳይ፡ ናትኩም CASA/GAL ከምኡ ድማ/ወይ ጠበቓኹም እቶም ምብጻሓት ክካየዱ ከምትደልዩ ሓብርዎ። እቶም ምብጻሓት ንኣኹም ከምኡ ድማ ንወለድኹም ወይ ኣሕዋትኩም ማዕረ ክንደይ ኣገደስቲ ምዃኖም ንኻልኦት ኣፍልጥዎም።
- ዋላ'ውን ካብ ገዛኹም ከምኡ ድማ/ወይ ከባቢ መንበሪኹም እንተተኣለኹም፡ ኣብ ህይወትኩም ኣገደስቲ ምስ ዝኾኑ ሰባት ዘለኩም ንምዕቃብ ጽዓሩ፡ ከም ኣዝማድ፡ ኣዕሩኽን መምሃራንን ዝኣመሰሉ። እዞም ሰባት እዚኦም ምስቲ ስርዓተ ክንክን ናብዮት ሽርክነት ዘለዎም ወይ ዘይብሎም ክኾኑ ይኽእሉ። እንተድኣ ርክብ ኣብ ምዕቃብ ሓገዝ ደሊኹም፡ ንናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ CASA/GAL፡ ናባዪ ወላዲ ወይ ጠበቓ ክሕግዘኩም ሕተትዎ።




# ትምህርቲ

## ንሳቶም መሰላትኩም እዮም። ሓበሬታ ይሃልኹም።

**ከም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት መጠን፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥**

- ናብ ቤት-ትምህርቲ ንምኻድ።
- ዋላ'ውን ናብ ናይ ናብዮት ገዛ ምስ ገዓዝኩም ኣብቲ ዝነበርክሞ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምቕጻል፡ እንተድኣ ከምኡ ምግባር ዝክኣል ኮይኑን ብዝበለጸ ከኣ ንረብሓኹም ኮይኑን።
- ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ናይ ምደባ ናብ ክንክን ናብዮት ወይ ምቕያር ምደባ ናብ ቤት-ትምህርቲ ምእታው።
- ኣብ ናይ ቤት-ፍርዲ መጋባእያታትኩም ትምህርታዊ ኣራካቢ ብምኳን ክትምዘዙ እንተድኣ ኣብ ክፍልታት 6-12 ኣለኹም ኮይንኩምን ነዞም ዝስዕቡ ጠለባት ተማልኡ ኮይንኩምን፥



  - ናይ ወለድኹም መሰላት ከምዝቋረጹ ኮይኖም እንተልዮም፣
  - ወለድኹም ብምኽንያት ማእሰርቲ ወይ ካልእ ቀይድታት ዘየለዉ እንተኾይኖም፣
  - እቲ ቤት-ፍርዲ ድሩት ርክብ ኣብ መንጎኹምን ወለድኹምን ዘለዎ እንተኾይኑ፣ ወይ
  - ኣብ ናይ ጠባይ መኣረምያዊ ኣከባቢ ዝተመደብኩም እንተኾይንኩም ከምኡ ድማ እቲ ቤት-ፍርዲ ነቶም ትምህርታዊ መሰላት ናይ ወለድኹም ከምዝድረቱ ገይርዎም እንተልዩ።

**ምኽርታት ንዓወት፥**

- ዘሳትፍኹምን ዝብድህኹምን ትምህርታት ውሰዱ።
- ምስ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኣማኻሪኹም ተራኸቡ እቶም ንምምራቕ ዘድልይኹም ክረዲታት ትከታተሉ ምህላውኩም ከኣ ኣረጋግጹ..
- ኣብ ከም ስፖርት ወይ ናይ ድሕረ ትምህርቲ ክለባት ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ተሳተፉ። እንተድኣ ነዞም ኣማራጺታት እዚኦም ዝኸውን ገንዘብ ወይ መጓዓዝያ ዘይብልኩም ኮይንኩም፡ ካብ ናባዪ ወላዲኹም፡ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ወይ ኣቕራቢ Independent Living (ርእስኻ ክኢልካ ምንባር) ሕተቱ፡ ምኽንያቱ ሓገዝ ክህልወኩም ስለዝኽእል።

## ህይወትኩም እዩ። ተሳተፍቲ ኩኑ።

**ትምህርትኹም ንመጻኢኹም ኣገዳሲ እዩ።**

- ኣብ ክንክን ናብዮት ምህላው ማለት ትምህርቲ ክሓልፈኩም ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። እንተድኣ ትምህረቲ ይቕጽል ኣሎን ንስኹም ከኣ ናብ ክንክን ናብዮት ድሕሪ ምእታውኩም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዘይትሳተፉ ሃሊኹምን፡ ናብ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም፡ Education Advocate (ተሓላቓይ ትምህርቲ [እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ])፡ ጠበቓ፡ CASA/GAL ወይ Education Ombuds (ናይ ትምህርቲ ተሓላቒ ፍትሒ) ደዊልኩም (866-297-2597) ሓገዝ ሕተቱ።
- እንተድኣ ኣብ ፍሉይ ትምህርቲ ዝለኹም ኮይንኩም፡ Individualized Education Program (IEP, በብውልቂ ዝውሃብ ፕሮግራም ትምህርቲ) ወይ 504 plan (ውጥን) ክህልወኩም ኣለዎ። እንተድኣ ብዛዕባ ናትኩም IEP ወይ 504 plan (ውጥን) ሕቶታት ኣለውኹም ኮይኖም ንሰራሕተኛ ጉዳይኩም ወይ ዝኾነ ኣብ ጉዳይኩም ዝሳትፈ ዘሎ ካልእ ሰብ ሕተቱ። ኣብ ናትኩም ናይ IEP/504 ኣኼባታት ተሳተፉ። እንተድኣ ዕድሜኹም 14 ወይ ልዕሊኡ ኮይኑ፡ ናትኩም IEP (በብውልቂ ዝውሃብ ፕሮግራም ትምህርቲ) ወይ 504 plan (ውጥን) ኣብ ናትኩም ናይ Shared Planning (ናይ ሓባር ውጥን) ኣኼባታት ክዝተየሉ ኣለዎ።
- እንተድኣ ካብ ትምህርቲ ደው ከምትብሉ ተገይርኩም ወይ ተባሪርኩም፡ መፍለጢ ብጽሑፍ ክውሃበኩም ሕተቱ ካብ Treehouse Educational Advocate (ትሪሃውስ ትምህርታዊ ተሓላቒ) ወይ ናይ TeamChild (ቲምቻይልድ) ወኪል ደገፍ ንምርካብ ደውሉ። ቅዳሓት ናይ ትምህርታዊ መዘግብትኹምን ትራንስክሪፕትታኩምን/ጽሑፍ ነጥብታትኩምን ሕተቱ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ገስጋስ ክረዲታትኩም ሓበሬታ ይሃልኹም። ንዝሓለፍኹም ዕዮታት ንምርካብ ብዛዕባ ዘለውኹም ኣማራጺታት ንናይ ቤት-ትምህርትኹም ኣማኻሪ ሕተቱ።
- ምስ ናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ ኣቕራቢ Independent Living (ርእስኻ ክኢልካ ምንባር) ወይ ኣማኻሪ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ እቶም ክትድህስስዎም ትኽእሉ ብዙሓት ትምህርታዊ ኣማራጺታት ተዘራረቡ፡ ከምዞም ዝስዕቡ ዝኣመሰሉ፥ Running Start (ምጅማር ጉያ)፡ ናይ ኣማራጺ ትምህርቲ፡ ሞያዊ ትምህርቲ ወይ ኮለጅ እቲ ምሳኹም ኣየናይ ምኺኑ ንምፍላጥ።
- ናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ ኣቕራቢ Independent Living (ርእስኻ ክኢልካ ምንባር) ወይ ኣማኻሪ ቤት-ትምህርቲ ነቶም ንምቕጻል ትምህርትኹም (ኮለጅ ወይ ካልእ ናይ ድሕረ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ፕሮግራማት) ንምኽፋል ክሕግዝኹም ዝኽእሉ ዘለውኹም ብዙሓት ፕሮግራማት/ማህደረ-ትምህርትታት ክገልጽልኩም ይኽእሉ። ገለ ካብዚኦም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፥
  - College Bound Scholarship (ናብ ኮለጅ ዝዓለመ ማህደረ-ትምህርቲ)
  - Independent Living Program (ፕሮግራም ናይ ርእስካ ክኢልካ ምንባር)
  - Educational and Training (ትምህርትን ስልጠናን)
  - Voucher (ETV, ትምህርታውን ናይ ስልጠናን ቫውቸር/ቅብሊት) ፕሮግራም
  - Governor's Scholarship (ናይ ኣመሓዳሪ ክፍለሃገር ማህደረ-ትምህርቲ)
  - Passports to Careers (ፓስፖርትታት ንስራሓት)

ቅኑዕ ምርጫታት ናይ መጻኢኹም ኣብ ምውሳድ ክሕግዘኩም ዝኽእል ደጋፊ ዓቢ ሰብ ርኸቡ። ንሰራሕተኛ ጉዳይ፡ ኣማኻሪ፡ መምህር፡ ወይ ርእሰ-መምሃራን ኣብ ዝኾኑ ምሉእ ንምሉእ ዘይርድእኹም መስርሓት ክሕግዝኹም ሕተቱ።

# ክንክን ጥዕና

## ንሳቶም መሰላትኩም እዮም። ሓበሬታ ይሃልኹም።

**ከም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት መጠን፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥**



- ብዛዕባ ናይ ጥዕና ድሌታትኩም፡ መድሃኒታትኩምን ሕክምናዊ ታሪኽኩምን ሓበሬታ ይሃልኹም።
- ዓመታዊ ናይ ጽቡቕ-ምምርማር መርመራታት ግበሩ።
- ናይ ስኒ መርመራታት ነፍስ-ወከፍ ሽድሽተ ኣዋርሕ ክሳብ ዕድመኹም 18 ትገብሩ ከምኡ ድማ ዓመታዊ ካብ 19 ክሳብ 26 ዕድመኹም ግበሩ።
- ብዛዕባ ክሎም እቶም ጥቕምታትን ስግኣተ-ሓደጋታትን ምስ ክሎም መድሃኒታት ዝተኣሳሰሩ ሓበሬታ ይሃልኹም ንዝተኣዘዝልኩም ወይ ክትወስድዎም ሓሳብ ዝቐረብልኩም ሳይኮትሮፒክ መድሃኒታት፡ (ንኣእምሮ፡ ስምዒታትን ባህርን ክጸሉ ዓቕሚ ዘለዎ መድሃኒት)፡ ቪታሚናትን ኣትክልቲ ቐመምን ዘተቓለለ።
- ዝተኣዘዝልኩም ወይ ክትወስድዎም ሓሳብ ዝቐረብልኩም መድሃኒታት ንምውሳድ ተሰማምዑ ወይ እበዩ ንሳይኮትሮፒክ መድሃኒታት፡ ቪታሚናት፡ ኣትክልቲ ቐመምን መመላእታታን ዘጠቓለለ እንተድኣ ክትወስድዎም በቲ ቤት-ፍርዲ ዘይተኣዘዙ ኮይኖም።
- ናይ መፍረ/ተዋልዶ ክንክን ጥዕና ርኸቡ፡ ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ከምኡ ድማ/ወይ ምኽሪ ብዛዕባ መከላኸሊ ጥንሲ፡ ብዘይ ፍቓድ ካብ ወላዲ ወይ መጕዚ(ት)።
- ብመገዲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን መድሕን ጥዕና (Medicaid) ክሳብ መበል 26 ዓመት ዕለተ ልደትኩም ሽፈነ ርኸቡ፡ እንተድኣ ኣብ ክንክን ናብዮት ኣለኹም ኣብ መበል 18 ዓመት ዕለተ ልደትኩም።

**እንተደኣ ዕድመኹም ልዕሊ 13 ዓመት ኮይኑ፡ ከምዚ ዝስዕብ እውን ትኽእሉ፥**

- ናይ ተመላላሲ ተሓካሚ ናይ ምውሳድ ሓሸሽ ፍወሳ ብዘይ ፍቓድ ናይ ወላዲ ወይ መጕዚ(ት)።
- ናይ ተመላላሲ ተሓካሚ ወይ ደቂሱ ዝሕከም ናይ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ፍወሳ ብዘይ ፍቓድ ናይ ወላዲ ወይ መጕዚ(ት)።

**እንተዳ ዕድመኹም ልዕሊ 14 ዓመት ኮይኑ፡ ከምዚ ዝስዕብ እውን ትኽእሉ፥**

- መርመራታትን ፍወሳን ናይ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት ብዘይ ፍቓድ ወይ ኣፍልጦ ናይ ወላዲ ወይ መጕዚ(ት)።

## ህይወትኩም እዩ። ተሳተፍቲ ኩኑ።

**ብዛዕባ እቶም ዘለውኹም ኣማራጺታትን ኣገልግሎታትን ፍለጡ።**

- እንተድኣ ብናይ ሕክምና በዓል ሞያ መድሃኒት(ታት) ተኣዚዞምልኩም ወይ ካልእ ሰብ መድሃኒታት ንምውሳድ እንተሓቲትኩም እሞ ግን ክትወስድዎም ዘይትደልዩ እንተኾይንኩም፡ ምስ ዶክተርኩም፡ ጠበቓኹም፡ CASA/GAL ወይ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ብዛዕባ እንታይ ኣማራጺታት ክህልውኹም ከምዝኽእሉ ተዘራረቡ።
- እንተድኣ ናይ ጸረ ሕማም ኣእምሮ መድሃኒት ተኣዚዝልኩም፡ እቲ ዝተኣዘዘ መድሃኒት ብካልኣይ ዶክተር ክርአን ክፍቀድን ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ገምጋም ዘይተኻይዱ፡ ምስ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም፡ ጠበቓኹም ወይ CASA/GAL ተዘራረቡ።
- እንተድኣ ጠኒስኪ ምህላውኪ ፈሊጥኪ፡ ብዛዕባ ክሎም እቶም ዘለዉኺ ኣማራጺታት ፍለጢ። ብዛዕባ ህይወትክን ህይወት ቆልዓኽን ዝበለጸ፡ ኣብ ሓበሬታ ዝተመርኮሰ ውሳነ ብዘይ ፍቓድ ወይ ጸቕጥታት ካብ ዝኾነ ካልእ ሰብ ንምውሳን ናጻ ኽትኮኒ ኣለኪ።
- ዕድሜኹም 26 ክሳብ ዝገብር ሕክምናዊ መድሕን ንምርካብ ቅቡላት ኢኹም። ብዛዕባ ናይ Medicaid ሽፈነ ክሳብ 26 ኣብ ዘሎ ዕድመ ከመይ ገይሩ ከምዝሰርሕ ከምኡ ድማ ናብ ካልእ ክፍለሃገር እንተግዒዝኩም ሽፈነ ይቕጽል ድዩ ኣይቅጽልን ንምፍላጥ ምስ ናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ ተዘራረቡ። ብተወሳኺ፡ ካብ ክንክን ናብዮት ድሕሪ ምውጻእኩም ሕክምናዊ ሽፈነ ምርካብ ትቕጽሉ ምህላውኩም ንምርግጋጽ፡ ነቲ Foster Care MEDS Team (ጉጅለ ሕክምና ናይ ክንክን ናብዮት) ብቑጽሪ ተሌፎን 1-800-547-3109 ርኸብዎን ናይ መስደዲ ፖስታ ኣድራሻ ከኣ ሃብዎን።



# ናይ ሰራሕተኛ ጉዳይ ሓላፍነታት

ነፍስ-ወከፍ ኣብ ክንክን ናብዮት ዘለዉ መንእሰያት ሰራሕተኛ ጉዳይ ኣለዎም ንሱ እቲ ስድራ-ቤት መሊሱ ንኽጥርነፍ ዝሕግዙ ኣገልግሎታት ዝህብ እዩ፡ ኣብ ዝክኣለሉ እዋን ከምኡ ድማ ነቶም መንእሰያት ኣብ ክንክን ናብዮት ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን ድሕነቶም ጥዕንኦም ምሕላዉ ንምርግጋጽ።

**ኣብ እዋን ናይ ክንክን ናብዮት ምደባኹም ካብ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ክትጽበይዎ ትኽእሉ ኣብዚ እንሆ፥**

- ኣብ ዝክኣለሉ እዋን ምስ ስድራ-ቤትኩም ንኽትጥርነፉ ዝሕግዝኹም ኣገልግሎታት ንስኹምን ስድራ-ቤትኩም ንኽትረኽቡ ይሕግዝ።
- ስሩዕን ተደጋጋምን ርክብ ወይ ምብጻሓት ምስ ወለድኹምን ኣሕዋትኩምን ይምድብ፡ እንተድኣ ከምኡ ንኸይከውን በቲ ቤት-ፍርዲ ዘይተኣዚዙ።
- ነቲ ምስ ዘመድ ወይ ዝሰማማዕ ዓቢ ሰብ ናይ ምምዳብኩም ኣማራጺ ይድህስስ፡ እንተድኣ ግቡእ ኮይኑ፡ ቅድሚ ኣብ ናይ ወረቐት ስራሕ ዘለዎ ናይ ናብዮት ገዛ ወይ ናይ ጉጅለ ናይ ክንክን ገዛ ምምዳብኩም።



- ኣብ ናይ ቅድምኩም ቤት-ትምህርቲ ወይ ዲስትሪክት ቤት-ትምህርቲ ከምትቕጽሉ ይገብር (እንተድኣ ግብራዊ ኾይኑን ዝጠቕመኩም ኮይኑን)። ናይ ትምህርታዊ ደገፍ ኣገልግሎታት ንምርካብ ምምሕልላፍ ናብ Treehouse Educational Advocacy (ትሪሃውስ ትምህርታዊ ተሓላቒ) ወይ Graduation Success (ዓወት ምረቓ) የካይድ።
- ዕድመ 12 ኣብ ዝኾነሉ፡ ኣብ ናይ ተመርኲስነት መስርሕ ዝሕግዘኩም ጠበቓ ክግበረልኩም ከመይ ገይርኩም ከምትጠልቡ ይገልጽ ከምኡ ድማ ጠበቓ ትደልዩ ከምዘለኹም ነቲ ቤት-ፍርዲ ይሕብር፡ እንተድኣ ትደልይዎ ከምኡ ኮይኑ።
- ኣብ ዝሓልዩ ናይ ናብዮት ወለዲ ወይ ግቡእ ስልጠንና ዝረኸቡ፡ ናይ ድሕረባይታ መርመራታትን ምመማያትን ዝተገብረሎምን፡ ኣብ ምደባኹም ምርግጋጽ ንምሃብ እኹል ደገፍ ዝረኸቡን ኣለይቲ ይምድበኩም።
- ናይ ተመርኲስነት ጉዳይኩም ኣብ ቤት-ፍርዲ ኣብ መጋባእያ ነፍስ-ወከፍ ሽድሽተ ኣዋርሕ ምስምዑ የረጋግጽ።
- ናይ ተመርኲስነት መጋባእያታትኩም መኣስ ከምዝካየዱ ይሕብረኩም።
- ካብን ናብን ክትሳተፍዎም ትደልዩ ናይ ቤት-ፍርዲ መጋባእያታት ዝኸውን ቀረብ መጓዓዝያ የሳልጥ።
- እንተድኣ ጥንስቲ ኮይንኪ ወይ ቆልዓ ተዕብዪ ኣለኺ ኮይንኪ ብዛዕባ መሰላትክን ናይ CA ሓላፍነታትን ሓበሬታ ይህብ።
- እንተድኣ ጥንስቲ ኾይንኪ ወይ ቆልዓ ተዕብዪ ኣለኺ ኮይንኪ ምንጭታት ናይ ንኽሎም ውልቃዊ ድሌታትኪ ዘማልኡ ኣገልግሎታት ይህብ።
- ብዛዕባ ናይ ጉዳይኩም ውጥን ንድሕነት፡ ቀዋምነትን ጥዕናን ንምዝርራብ እንተውሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ወርሒ ብኣካል ይረኽበኩም።

**ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ'ውን ምሳኹም ዝርርባት ከካይድ እዩ፥**

- ስለምንታይ ኣብ ክንክን ናብዮት ከምዘለኹም።
- እቲ ክንክን ናብዮት ብኸመይ ከምዝሰርሕ።
- ንኣኹምን ንስድራ-ቤትኩምን፡ ንኣሕዋትኩም ዘጠቓልለ፡ እንታይ ከጋጥመኩም ምኳኑ።
- ኣብ ናይ ክንክን ናብዮት ምደባኹም ካባኹም ትጽቢት ዝግበር እንታይ ምኳኑ።
- ውጥን ጉዳይ እንታይ ምኳኑን ኣብ ናይ ጉዳይኩም ውጥን እንታይ ተጠቓሊሉ ከምዘሎን።
- ናይ ምስግጋር ውጥን እንታይ ምኳኑ ከምኡ ድማ ርእስኹም ክኢልኩም ንምንባር እንታይ ኣገልግሎታት ወይ ክእለታት ከምዘድልይኹም።
- ምስ ስድራ-ቤትኩም ብውሑስ መንገዲ ከምትጠራነፉ ንምግባር እንታይ ጻዕርታት ይካየዱ ምህላዎም።
- እንታይ ዝንባለታት ከምዘለውኹም ከምኡ ድማ ን"ንቡር" ናይ ቁልዕነት ንጥፈታት ዝኾኑ ዕድላት ምቕራብ።
- እንተድኣ ኣብ ዕድመኹም 18 ትገብርሉ እዋን ገና ኣብ ክንክን ናብዮት ኣለኹም እናትይ ከጋጥም ምኳኑን ነቲ ምስግጋር ናብ እኹል ዕድመ ከኣ ብኸመይ ክትዳለዉ ከምትኽእሉን።

**ዕድሚኦም ልዕሊ 14 ንዝኾኑ መንእሰያት፡ ሰራሕተኛ ጉዳይኩም ከምዚ ዝስዕብ ክገብር እዩ፥**

- ናይ ኣህላኺ ጸብጻብ ክረዲትኩም ይረክብ ከምኡ ድማ ክሳብ ዕድመኹም 18 ዝበጽሕ ኣብ ዝነበረ እዋን ዝነበሩ ዝኾኑ ምዝባዓት ይፈትሕ።
- ኣብ ክሎም ናይ ቀዋምነት ከምኡ ድማ Shared Planning (ሓባራዊ ምውጣን) ኣኼባታት የጠቓልለኩምን ክልተ ሰባት ንኽትዕድሙ ከኣ ኣማራጺ ይህበኩምን፡ ካብ ሰራሕተኛ ጉዳይኩምን ናባዪ ወላዲኹም ወጻኢ፡ ኣብዞም ኣኼባታት እዚኦም ምሳኹም ንኽሳተፉ።
- ነቶም ንናይ ምስግጋር ውጥን ዘድልይኹም ኣገልግሎታት ወይ ክእለታት የለሊ።
- ምሳኹም፡ ምስ ኣላይኹምም ምስ ስርዓታት ደገፍን ኣብ ምዝዛም ናይ ምስግጋር ውጥን ንምውጻእ ካብ ክንክን ናብዮት ይተሓባበር።
- ናይ Shared Planning (ሓባራዊ ውጥን) ኣኼባታት ኣብ መንጎ ዕድመ 17 ከምኡ ድማ 17.5 የካይድን ንውሑስን ዕዉትን ምስግጋርኩም ናብ እኹል ዕድመ ዝኽውን ውጥን ከኣ የማዕብልን። ነቲ መስርሕ ናይ ምሕታት ቀጻሊ ክንክን ናብዮትን ናይ ደገፍ ኣገልግሎታትን ክንዮ ዕድመ 18 ብመገዲ እቲ ፕሮግራም EFC program ይፈልጥን ይርዳእን።
- ኣብ ዘድልየሉ እዋንን ካብ ክንክን ናብዮት ክትወጹ ከለኹምን ውልቃዊ ሰነዳትኩም ይህበኩም፡ ንምስክር ወረቐት ናይ ልደት፡ social security (ናይ ማሕበራዊ ድሕነት) ካርድ፡ State Identicard (ናይ ክፍለሃገር ካርድ መንነት)፡ ናይ ክታበት መዛግብቲ፡ Ward of the Court (ናይ ናብዮት ቤት-ፍርዲ) ንደብዳበ ከምኡ ድማ ቅዳሕ ናይ ጥዕናን ትምህርትን መዛግብትኹም ይህበኩም። ድሕሪ ካብ ክንክን ናብዮት ምውጻእኩም'ውን መዛግብትኹም ክትሓቱ ትኽእሉ።

# ተወሰኽቲ ምንጨታት

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ-ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥ www.independence.wa.gov ።

እንተድኣ ሕቶታት፡ መረረታት ወይ ሻቕሎታት ብዛዕባ ክንክንኩም ኣለውኹም ኮይኖም ንDCYF Constituent Relations (ዲሲዋይኤፍ ናይ ኣቓሚ ዝምድናታት) ክትረኽብዎ ትኽእሉ። ናይ Constituent Relations (ኣቓሚ ዝምድናታት) ስታፍ/ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ንጻውዒት ተሌፎንኩም ክምልሱ እዮም ከምኡ ድማ ንመረረኹም/ጥርዓንኩም ወይ ሻቕሎትኩም ንምፍታሕ ምሳኹም ክሰርሑ እዮም። ብተወሳኺ፡ እቶም ስታፍ/ሰራሕተኛታት ነቲ ስርዓተ ናብዮት ቆልዓን ብዛዕባ'ቲ ገስጋስ ናይ ውልቃዊ ጉዳይኩምን ኣብ ምርዳእ ክሕግዝኹም እዮም። ንDCYF Constituent Relations (ዲሲዋይኤፍ ኣቓሚ ዝምድናታት) ናብዚ ዝስዕብ ኢመይል ብምግባር ርኸብዎ DCYF **ConstRelations@dcyf.wa.gov** ወይ ናብዚ ዝስዕብ ብምድዋል 360-902-8060 ወይ 1-800-723-4831።

## እንተድኣ ዝኾኑ ካብ መሰላትኩም ዘይተሓለዉ ኮይኖም ተሰሚዖምኹም፡ ንናትኩም ሰራሕተኛ ጉዳይ፡ GAL/CASA ወይ ጠበቓ ርኸብዎም።

ነቲ Office of the Family and Children's Ombuds (ቤት-ጽሕፈት ናይ ስድራ-ቤትን ቆልዑን ተሓላቒ ፍትሒ) እውን ንጉዳይኩም ንምምርማር ክትሓትዎ ትኽእሉ።

**Office of the Family and Children's Ombuds (ቤት-ጽሕፈት ናይ ስድራ-ቤትን ቆልዑን ተሓላቒ ፍትሒ)**
6840 Fort Dent Way, Suite 125
Mail Stop TT-99
Tukwila, WA 98188

ዘይክፈሎ ተሌፎን፥ 1-800-571-7321
ተሌፎን፥ 206-439-3870
TTY (ንጽሙማን)፥ 206-439-3789
ፋክስ፥ 206-439-3877
**ofco.wa.gov**

**መሰላትኩም፡ ህይወትኩም** ብመገዲ ሓባራዊ ጻዕርታት ናይ The Mockingbird Society (ሕብረተሰብ ሞኪንግበርድ) ከምኡ ድማ እቲ Children's Administration (ናይ ቆልዑ ምምሕዳር)፡ ሕጂ ክፋል ናይቲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን Department of Children, Youth, and Families (DCYF, ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) እዩ ማዕቢሉ።

The Mockingbird Society (ሕብረተሰብ ሞኪንግበርድ) ከምኡ ድማ DCYF (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) ነቶም ምብለጻት መንእሰያትን ናይ ቅድም ተገልገልቲ ክንክን ናብዮትን እቶም ናብዚ ፕሮጀክት'ዚ ኣበርክቶ ዝገበሩ ከምስግኖም ይደሊ፡ ናቶም ትብዓት፡ ጽንዓትን፡ ተስፋን ነቲ ንሰርሖ ዘለና ስራሕ ከም ድርኺት ኮይንና እዩ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ሓደስቲ ክፋላት ናይዚ ማኑዋል'ዚ ኣብ ምግምጋምን ምስንዳኣን ስለዝሓገዙና ነዞም ዝስዕቡ ውድባት ክነመስግኖም ንደሊ፥

Columbia Legal Services (ናይ ሕጊ ኣገልግሎታት ኮሎምብያ)
Treehouse (ትሪሃውስ)
Office of the Family & Children's Ombuds (ቤት-ጽሕፈት ናይ ስድራ-ቤትን ቆልዑን ተሓላቒ ፍትሒ)

**The Mockingbird Society (ሕብረተሰብ ሞኪንክበርድ)** ተጣባቒ ውድብ ኮይኑ ክንክን ናብዮት ንምምሕያሽን ናይ መንእሰያት ገዛ-ኣልቦነት ከምዘብቅዕ ንምግባርን ምስ መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ዝሰርሕ እዩ። ናይ መንእሰያት ፕሮግራማትና ገዛ-ኣልቦ ንዝነበሩ ወይ ኣብ ክንክን ናብዮት ንዝነበሩ ናይ ገዛእ ርእሶም ዝበለጹ ጠበቓታት ንክኾኑ ንመንእሰያት የሰልጥኑ። ከምኡ ብምግባር፡ ነፍስ-ወከፍ ቆልዓ ውሑስን ዝተረጋግአን ገዛ ከይህልዉ ንዝዕንቅፉ ፖሊሲታትን ኣመለኻኽታታትን ይቕይሩ። ናይ ስድራ-ቤት ፕሮግራማትና ከም ክንክን ናብዮት ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታት ኣቀራርብኦም መሃዝነት ዘለዎ ክኸውን ይጣበቑ። ብሓባር ብምዃን፡ መፍትሒታትና ኣብ ምምሕያሽ እቶም ንኣሽሓት ቆልዑ፡ መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ነፍስ-ወከፍ ዓመት ኣብ ዋሽንግተንን ክንዮኡን ኣገልግሎት ዝህቡ ስርዓታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት የተኩሩ።

2100 24th Ave S. Ste. 240
Seattle, WA 98144
ተሌፎን፥ (206) 323-KIDS (5437)
ፋክስ፥ (206) 323-1003
ኢመይል፥ **info@mockingbirdsociety.org**

The Mockingbird Society
Improving foster care | Ending youth homelessness

The Mockingbird Society (ሕብረተስብ ሞኪንግበርድ) ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ካብ ናይ 501(c)(3) ግብሪ ናጻ ዝኾነ ውድብ እዩ። ክሎም ኣበርክቶታት ካብ ብግብሪ ተቖረጽቲ እዮም ክሳብ ምሉእ ሕጊ ዘፍቅዶ። ብዛዕባ ውሱን ናይ ግብሪ ኩነታትኩም ንናይ ግብሪ ኣማካሪኹም ኣማኽሩ።

---

**Passion to Action (P2A, ናይ ትግባረ ሃረርታ)** ናይ መላእ ክፍለሃገር ብመንእሰያት-ዝምራሕ ናይ ምኽሪ ቦርድ ንDCYF (ክፍሊ ቆልዑ፡ ምንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) እዩ። DCYF (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) ነቲ ኣገዳስነት ናይ ምሽራኽ ምስ መንእሰያት ኣብቲ ዝሰርሕዎ ስራሕ ዝርዳእ እዩ። ናይ P2A (ናይ ትግባረ ሃረርታ) ኣባላት ንDCYF (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) ርእይቶ፡ መለሰ-ሓበሬታ ከምኡ ድማ ለበዋታት ብዛዕባ ናይቲ ወኪል ትካል ፖሊሲታት፡ ስራሓትን ሕትመታትን የቕርብሉ። ብተወሳኺ፡ DCYF (ክፍሊ ቆልዑ፡ መንእሰያትን፡ ስድራ-ቤታትን) ንኣባልትutilizes P2A (ናይ ትግባረ ሃረርታ) ኣብ ብዙሕ ናይቲ ወኪል ትካል ናይ ስልጠና ኮርሳትን መደረታትን ይጥቀመሎም ምእንቲ ሰራሕተኛታት ጉዳይ፡ ናበይቲ ወለዲ ከምኡ ድማ እቲ ማሕበረሰብ ብዓቢኡ ብዛዕባ እቲ ተመኩሮ ናይ ኣብቲ ስርዓተ ክንክን ናብዮት ምህላው ካብቶም ሞያ ዘለዎም፡ ኣብ ክንክን ዘለዉ መንእሰያትን ናይ ቅድም ተገልገልትን ይምሃሩ ምህላዎም ንምርግጋጽ።

Passion to Action
taking the steps

P2A (ናይ ትግባረ ሃረርታ) ተመሳሳሊ ድሕረባይታ ምስ ዘለዎም መዛኑ እናሰርሑ ንኻልኦት መንእሰያት ንዝደልዩ መንእሰያት ዕድል ዝህብ እዩ። P2A (ናይ ትግባረ ሃረርታ) ምሕዝነታት፡ መሪሕነት፡ ሞያዊነትን ዓወትን ናይ ኣባላትና ዘተባብዕ እዩ።

**www.dcyf.wa.gov**

እንተድኣ ቅዳሓት ናይዚ ሰነድ'ዚ ብካልእ ቅርጺ ወይ ቋንቋ ደሊኹም፡
ብኽብረትኩም ንDCYF Constituent Relations ርኸበዎ
(1-800-723-4831 | 360-902-8060, **ConstRelations@dcyf.wa.gov)**።

DCYF PUBLICATION CWP_0030 | DSHS 22-1632 TI (10-2019) Tigrinya